# ዉሑስ ስንቂ

ዓደይ ማሕላ ማሕላ እምነት (2)
ኣብ ፈተነ ምረት
ማሕላና፡ ማሕላና፡ ስጋ ሰውኣት'ዩ
ዘይበሊ ኪዳን ኣብ ሱር ደምና ኣትዩ
ሰርቢ ሞት ክሰርብ (2) ኣብ መግሃር ሃልሃልታ
መሰርዕ ንቀዳደም (2) ንመስዋእቲ ተርታ

ርእሲ ኹሉ ጸጋ፥ ርእሲ ኹሉ ሃብቲ
ልዕሊ ኹሉ ኣጽዋር ልዕሊ ኹሉ ሓይሊ
መዓስ ወኒንናዮ ብዋዛ ፈዛዛ
ከፊልናሉ'ንዲና ተጸሚምና ቃንዛ
ክብርታት ናይ ገድሊ፡ እቲ ረቂቕ ሓይሊ
ኣብ ሓደ ዝጠምር ንመስጊድ ምስ ደብሪ
ዓደይ፡ ዓደይ፡ ዓደይ፡ ዓደይ
ዓደይ፡ ወትሩ ስመርለይ

ይንበር ደኣ ይንበር፡ ክብርታት ዋጋ ደም
ምስጢር ዓወት ትማሊ፡ ሎሚ፡ ንዘልኣለም

ንሱ'ዩ'ቲ ምስጢር፡ ዓዴ ውሑስ ስንቂ
ከባቢ ክሕቄን ረጊእኪ ትኸዴ!!

ሰብ ጥውዮ ነጸላ ሰብ ናይ ሕድሪ ሽዳ
ሸዓ ፈሊጥናዮ 'ዛ ዓለም መንገዳ
ፈጢርና መንገዲ ክንፈጥር ዓለምና
ነብስኻ ምርሳዕ ምእንቲ ዕላማ

ክብርታትና ....... ክብርታትና

ዘጓረቶ ኣባይ ሓጺነ መጺኡ
ሺሾ ሰራዊቱ መሬት ዝኸደኑ
ተሰትዮም ክተርፉ ከምቲ ማይ ኣብ ሑጻ
ሰማይ ክንብትኖም ከምቲ ሓሰር ድርቋ
ስንቅና ዕጥቅና፡ ክብርታትና መርሖ
ንውሑድ ቁጽርና ዕጽፍታት ዘርብሖ

ውሑስ'ዩ ስንቅና!
ዓደይ ወለላይ ውሑስ'ዩ ስንቕኺ
ዓደይ ወለላይ፡ ዓደይ ወለላይ ዓደይ
ዓደይ ዘለላይ ውሑስ'ዩ ዕጥቕኺ
ዓደይ ዘለላይ ዓደይ ዘለላይ ዓደይ

ግጥሚ፡ *ሰለሙን ድራር*
ዜማ፡ *ጐይትኦም ነጋሲ*
ድምጻዊ፡ *ዳዊት ገብረስንበት ሸላን)*